# ሰንበት ዘኖላዊ

## ታሕሣሥ 21 2016 ዓ.ም.(12/31/2023)።

**መዝሙር፡** ኖላዊ ዘመጽአ ውስተ ዓለም… ቅድም እቲ ሙሴ ኣብ ኦሪት ዝተዛረቦ ነገሮም ዳዊት ድማ ኃይልኻ ኣርኢ ንዓ ኣድኅነኒ እቲ ጓሳና ካብ ሰማያት ወሪዱ እዩ፥ እቲ ጓሳና ብጃ ኮይኑ ንዓለም ከድኅን እዩ፥ተኣዚዙ ንእስራኤል ጓስኦም ኮይኑ ከድኅን ወሪዱ መጸ፥ንስኻ ብኣፍ ነብያት ዝመጸ ረዳኢ ኣምላኽ ኢኻ ናብ ሕዝብኻ ሰላም ስደድ ሕያዋይ ጓሳ ምስጉን ከማኻ ዝበለ መን ኣሎ ምእንቲ ህዝብኻ በጃ ክትከውን ብትእዛዝ ኣቦኻ ካብ ሰማይ ወሪድካ ንዕረፍቲ ሰንበት ሰራዕካ እናበለ ጎ.ኢ.ክ. ጓሳ ሕዝቢ ኮይኑ ከም ዝመጸ ይገልጸልና።

**ንባባት፡** ዕብ 13፡16-ፍ፥ 1ጴጥ 2፡2-ፍ፥ ግ.ሓ. 15፡23-21፥ ዮሓ 10፡1-21።

**ምስባክ፡** ኖላዊሆም ለእስራኤል ኣጽምእ፥ ዘይሬእዮሙ ከመ ኣባግዐ ዮሴፍ፥ ዘይነብር ላዕለ ኪሩቤል ኣስተርኣየ። ኦ ጓሳ እስራኤል ጽን በለና ኣታ ንህዝብኻ ንደቂ ዮሴፍ ከም መጓሳ እትመርሓና፥ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ ተገለጽ።

ካብ ታሕሣሥ 1-26 ዘሎ ዘመነ ስብከት ይብሃል ምኽንያቱ ነብያት ናይ ጎይታ ብሥጋ ምምጻእ ኣግፊሖም ብትንቢት ብትምህርቲ ብምስትምሃሮም ምስባኾም፥ ቤተ ክርስትያን በዚ እዋን ንዝኽሪ ጥራሕ ዘይኮነ ነፍስወከፍ ንኣምላኽ ኣብ ልቡ ከሰናዱ ኢላ እተቀራርበሉ እዋን ስለ ዝኾነ። ናይ ሎሚ ሰንበት ብፍሉይ ዘኖላዊ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ክርስቶስ እቲ እንኮ ጓሳና ምኽኑ ተረዲእና ኣብ መጓሰኡ ክንርከብ ክንሓስብ ሕይወትና መንፈስ ኣምላኽ ለቢሱ ደቂ ኣምላኽ መጓሰ ኣምላኽ ዘብል መገዲ ክንሕዝ እሞ ደቂ ገዛ ኮና ደምበና ክነለሊ። እዚ ጓሳ ዝብል ካብ ጥንቲ ብነብያት ዝተነገረ እዩ። ኩሎም ነብያት ክርስቶስ ጓሳና ከምዝኾነ ተነበዩ፥ ባዕሉ ኢየሱስ ከኣ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ እናበለ ኣስተምሂሩና (ዮሓ10፡14)። ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቍርባን ምስ ሓዋርያቱ እንከሎ ሓደ መጓሰ ክንከውን ጸልዩልና። ናይ ኣምላኽ መጓሰ ኮና ክነብር እዩ ተፈጥሮና ኣብ ካልእ መጓሰ ክንሕወስ ድላይ ኣምላኽ ኣይኮነን። ሎሚ መጓሰና ኣለሊና ደንበና ክንኣቱ ኣምላኽ ይጽውዓና ኣሎ።

ሰንበት ዘኖላዊ ክርስቶስ ጓሳና ምኽኑ ፈሊጥና ኣብ መጓሰኡ ክነብር ነቲ ናቱ ዘብለና ክንሕድስ ዝሕግዘና እዩ። ኣብ ወንጌል ዮውሓንስ ባህርያት ጓሳ ምስቲ ናይ ዘመኑ ዝነበረ ባህልን ርድኢትን ገሩ ነቲ ክርስቶስ ዘስተምሃሮ ይገልጸልና። ጓሶት ኣብ ምድረ እስራኤል ኣብ ዘመን ኢየሱስ ነተን መጓሰኦም ምሸት ኣብ ሓደ ደንበ ሓደ ኣፍደገ ጸቢብ ዘልኦ ይሕዝወን እቲ ጓሳ ኣብቲ ኣፍደገ ኮይኑ ይሕልወን ብዘይናቱ ኣፍልጦ ክኣትን ክወጽእን ዝኽእል የለን። ከውጽኣን እንከሎ በብሓደ ስለ ዝወጻ ይፈልጠን እዩ፥ ቀትሪ ምስ ወፈረ ኣብ ገለ እዋን ኣብ ማእከለን ኣብ ገለ እዋን መሪሕወን ኣብ ገለ እዋን ከኣ እናከብከበን ይኸይድ። ንሱ ናተን ንሰን ናቱ እየን። ነዚ ኢየሱስ ምስቲ ንሱ ምስ ኣመንቲ ዘለዎ ርክብ ከም ትምህርቲ ተጠቒምሉ። ኣብ ሃገርና ጓሶት ከምዚ ዝተባህለ ገሮም እዮም ምስ መጓሰኦም ዝነብሩ። ኣስማት ይህብወን ድምጾን የለልዩ ንሰን እውን

የለልይኦም ፍሉይ ርክብ ኣለዎም። ዳርጋ ክፍሊ ናይ እቲ ስድራ እየን ዝዓበየ ዝነኣሰ ይፈትወን። ገዝኣን ዋንኣን ኩሉ ይፈልጣ። እንተ ጠፍአ ብስመን እናጸውዑ ይደልይወን። እንስሳ እሙናት ፍጥረት እየን። ኢየሱስ ነዚ ኣምሳል ተጠቒሙ ዓቢ ትምህርቲ ሂቡና። ርክብናን ርክቡን ካብ ውሽጢ ዝነቐለ ምኻኑ ክገልጸልና ኢሉ ነዚ ምሳሌ ሂቡና። ንሱ ጓሳና ረዳኢና ሓላዊና እዩ። ካብኡ ክንርሕቕ ወይ ክንጠፍእ እንከሎና ብስምና እናጸውዐ ይደልየና። ካብኡ ክንርሕቕ ከሎና ከም እንጠፍእ ስለ ዝፈልጥ ኩሉ ጊዜ ምስኡ ክንከውን ይደልየና። ሎሚ በዚ ሰንበት ከምዚ እናበለ ይነግረና ኣሎ፦

## እቲ ኣፍደገ ኣባግዕ ኣነ እየ፦

ኣፍደገ ወይ ማዕጾ ቀንዲ ክፍሊ ገዛ ወይ ዘሪባ እዩ። ብኣኡ ንኣቱን ንወጽእን። ብኣፍደገ ዝኣቱ ኩሉ ይፈልጦ ብኣፍደገ ዘይኣቱ ግን ጸገም ዘልኦ ወይ ክፉእ ክገብር ዝደለ ጥራሕ እዩ። ዓማጺ ሰራቒ ብኣፍደገ ኣይኣቱን እዩ። ስለዚ ኢየሱስ ኣነ ኣፍደገ እየ ክብለና እንከሎ ኣብ ሰማያዊ ዓድና ክንኣቱ እንተ ኾና ብዘይብኡ መገዲ የብልናን። ኣብ ገለ እዋን ኣፍደገ ይጠፍኣና እሞ ንሕን ከም ኣፍደገ ንጥቀመሉ ኢና እንተ ኾነ ብሕን ድላይካ ኣቕሑት ወይ ነገራት ክተእቱ ኣይክኣልን እዩ። እሞ ሎሚ ነቲ እንኣትዎ ኣፍደገ ክነለሊ ይድለ ኣሎ።

ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ ቅድስት ሃገር ንንግደት ዝኸደት ሓደ መዓልቲ ኣብ ኣፍደገ መገዲ ሓንቲ በግዕ በጥ ኢላ ክትቁንዞ ረኣየታ እሞ ቅርብ ኢላ እንተ ረኣየት እግራ ተሰሩ። ነቲ ዝጓስየን ዝነበረ እንታይ ድኣ ኮይና እዛ በግዕካ ኢላ ሓቲታቶ። ንሱ ኸአ ባዕለይ እየ ሰቢረያ ኢሉ ብብዳዐ መሊስላ። ከምዚ እንተ ገበርክዋ ጥራሕ እያ እዛ ግናይ ፍጥረት ካብቲ ንሕይወታ ዘፍርሕ ቦታታት ኣብ ጥቓይ እትኸውን ከምኡ እትፈትወኒ ኢልዋ። ካብ ዝሓለፈ ተመክሮይ ንሓንቲ በግዕ ምስተሰብረት ክሕክማ ከሎኹ ምሳይ እትፈጥሮ ርክብ እሞ እትኽተለኒ ብምዕዛብ እግራ ክሰብራ እቲ ዝበለጸ መጋበሪ ኮይኑ ረኺበዮ ኢልዋ። ድሕሪ ምሕካም ርክብና ጽቡቕ እዩ ኣብ ዝኾነ እዋን ክጽውዓ ከሎኹ ቀልጢፋ ትመጽእ ከምኡ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ጥቓይ እያ እትርከብ ኢልዋ።

እታ ሰበይቲ ኣስተንትን ኣቢላ ሓሓደ እዋን ኣምላኽ እውን ምሳና ደቂ ሰብ ከምዚ ክገብር ይክኣል እዩ፥ መገዱ ምስ ሓደግና ኣብ ኣስጋእን ዘጥፍኣና መገዲ ክንከይድ ከሎና ሽዑ ብዝያዳ ክንምለሶ ኢሉ ዘሳቒ ወይ ሕማም ወይ ካልእ ንኣኡ ዝመስል ከውርደልና ይኽእል እዩ። ምስ ሓመምና ምስ ጒሄና ኣብ ኣምላኽ ንቐርብ ስለዚ ኣብ ገለ እዋን መልእኽቲ ኣምላኽ ኣንቢብና ክንክእል ኣሎና። በታ ጸባብ ኣፍደገ እተዉ ክብለና እንከሎ ኣብ ጉዕዞ ሕይወት ብዙሕ ከቢድ ነገራት ከም ዝጓነፈና ከረድኣና ኢሉ እዩ። ነቲ ወሪዱና ዘሎ መስቀል ኣብ ትንሣኤ ክቕይረልና ክንልምኖ ኣሎና።

ኣብ መንጎ ጓሳን መጓሰን ዘሎ ርክብ እንተ ረኣና ጥቡቕ ርክብ እዩ። ይፈልጠን ይፈልጣኦ ድምጹ የለልያ ከምኡ ኩሉ ጊዜ ይሕልወን ንሰን ከኣ ይፈልጣኦ። ጓሳ መጓሰኡ ክፍሊ ሕይወቱ እየን። ነዚ ርክብ ኣመልኪቱ ኢየሱስ ኣነ ሕያዋይ ጓሳ እየ ይብለና። ኣምላኽ ጓሳይኤይ እዩ ወላ ሓንቲ ዝፈርሖ የብለይን። ኢየሱስ እቲ ሕያዋይ ጓሳ እዩ ንሱ ነተን ኣባግዑ ይፈትወን ብጽቡቕ ከኣ ይጓስየን። ንሱ ኣፍደገ ኣባግዕ እዩ  ምኽንያቱ ኣብ ድሕነት ዝወስድ መገዲ ስለ ዝኾነ። ከም ኣፍደገ ኣባግዕ ንዘለዓለማዊ ሕይወት ገጹ ይመርሓና።

አብ 1ጴጥ 2፡2025 ዘሎ እንተ አንበብና ከምቲ አብ ኢሳያስ 53 ዘሎ ከም አባግዕ ሓዲገን ዝተበተና ኩሎም ከአ ሓዱጎምኒ ተበቲኖም ይብል። ኢየሱስ ነተን ዝተበተና ክአኻኽብ ሓላፍነት ይወስድ እሞ ይመልሰን። ኢየሱስ ጓሳን ሓላው ነፍሳትን እዩ ንሕና ከም ተኸተልቱ መጠን አሰሩ ክንስዕብ ንጽዋዕ አሎና። ዝጠፋእና ኢና ነርና ሕጂ ግን ተረኺብና አሎና ስለዚ ክንስዕቦ ኢና ዘሎና። ንኢየሱስ ክንስዕቦ እንክሎና ቀሊል አይኮነን አብ መንጎ ጓል መገዲ ከምኡ ካብ ሓቀኛ ጉዕዞ ዘታርፉ፥ ዘጋጊ መገዲ ዘቕርቡ እንተ ብባዕልና እንተ ብኻልእ መሊኡ እዩ፥ ስለዚ ከይንጋገ ከይንዝንግዕ ሎሚ ጉዕዞ ሕይወትና ክንርኢ ንዕደም አሎና።

አብ ወንጌል ዮውሓንስ ኢየሱስ ብኽልተ መገዲ ንርእሱ ይገልጸልና። አነ ሕያዋይ ጓሳን አፍደገን እየ ይብለና። እቲ ቀዳማይ ንሱ ዋና ከም ዝኾነ እቲ ካልአይ ከአ መሪሕነቱ ይገልጽ። እቲ ቀዳማይ ነቶም ነባግዕ ክሰርቁ ንዝደልዩ መጠንቀቕታ እዩ፥ እቲ ካልአይ አብ መንጎ ጓሳን መጓሰን ክህሉ ዘለዎ ርክብ ይገልጽ። ኢየሱስ አፍደገ፥ ማዕጾ ብአኡ አቢለን እተን አባግዕ ናብ ጓስኤን ክአትዋ ዕድል ዝኸፍት እዩ። ኩሎም እቶም ብአፍደገ ዘይአትዉ ሰረቕትን ጉሓሉን እዮም ይብለና። ብአፍደገ ዘይአቱ ኩሉ ሰራቒ ዘይናቱ ዝደሊ እዩ። እቲ ብአፍደገ ዝአቱ ኩሉ ይፈልጦ የለልዮ እውን። እቲ ሓቀኛ ጓሳ ነተን ናቱ ይፈልጠን እዩ በስማተን በብሓደ ከአ ይጽውዐን ድምጹ ኸአ የለልያ። ንኻልአት ጓሶት ወላ እንተ ጸውዕወን አይስዕባአም እየን። ነጻ ዝኾነ ርክብ እዩ፥ ንሰን ንጓስኤን ዝስዕባአ ተገዲደን አይኮናን ብነጻ ዝኾነ ውሳኔአን እዩ።

ኢየሱስ ብጽቡቕ ሓሳብ ትምህርቱ አነ ዝመጻእኩ ሕይወት ምእንቲ ክረኽባ፥ ብምልአት ምእንቲ ክረኽባ እየ ዝመጻእኩ እናበለ ይዛዝሞ። ንኢየሱስ ምኽታል ማለት ገለ ከምዝብልዎ ዘፍርሕ፥ ፍርቂ ፍርቂ ሕይወት፥ አይትግበር ከምዚ አይትበል ብዝብል ዝመልአ ዝመስሎም አለዉ እንተ ኾነ ሕይወት ብምልአት ምንባር እዩ። ብሕይወት ምንባር ማለት ካብ ዝኾነ ኃጢአት ነጻ ኮንካ ምንባር እዩ ዘስምዕ። አብ ኃጢአት ወዲቕና እንተ አሎና አባና ሕይወት ወይ ጸጋ አምላኽ የለን ስለዚ ሕይወት ክህልወና ካብ ኃጢአት ነጻ ክንከውን እሞ አብ ኢየሱስ ክንምለስ አሎና።

እዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ብኸምዚ ክንዛዝሞ ንኽእል ሕያዋይ ጓሳ ዝብሃል ሕይወት ምእንቲ መጓሰኡ በጃ ዝህብ፥ ንሱ ዝግደስ ብጻየን ዝሕሉወን እዩ፥ ድምጹ ዘለልይኦ ንሱ ኸአ መግብን ሕይወትን ዘቕርበለን እዩ። አማናይ ናይ ፍቕሪን ዋሕስ ድሕነትን ርክብ ይውሃቦ እዚ ኸአ በቲ ጓሳ ዝገብሮ ግብሪ እዩ።

አብዚ ልደት ብአቆጻጽራ ግዕዝ ክነብዕል አብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን አብ ጓሳና ዝኾነ ክርስቶስ ክንምለስ ክንገብሮ ዝግብአና ነገራት አሉ፡

ብኃጢአትና ክንሳሕ የድሊ። ተአምኖ ኃጢአት ገርና ምሕረት አምላኽ ክንሓትት እሞ አብ አፍደገ አምላኽ ክንቀርብ የድሊ። መንፈሳዊ ድፍረት ሊቢስና ንርእስና ካብ ዓዘቕቲ ኃጢአት ክነውጽእ አሎና።

ጸሎት ክንገብር ይግብአና። ምስ አምላኽ ክንዛረብ ክንክእል አሎና። አምላኽ ድላዩ ክነግረና ንሕና እውን ፍቓዱ ክንሰምዕ ጊዜ ክንወስድ አሎና። ዕላል ምስ አምላኽ ክንገብር የድልየና።

ጓሳና ክነለሊ አሎና። አብ ካልእ ደንበ ተጸንቢርና እንተሎና አብ ደምበና ንመለስ። ዘይንፈልጦ መጓሰ አታሊሉ አብዘይናትና አቲና እንተ አሎና ሎሚ አብ ጓሳና ክንምለስ እንውስነሉ እዋን እዩ።

ክርስቶስ ብዳግም ኣብ ሕይወተይ ክውለድ ቦታ ከሰናድወሉ ይግባእ። ሎሚ ኢየሱስ ኣብ ብዓቲ ዘይኮነ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ክውለድ ቦታ ነሰናድወሉ። ንኹሉ ቂምታ ንኹሉ ክፍኣት ንኹሉ ኃጢኣት ሓዲግና ብሩኽ ዘይመጽእ በስመ እግዚኣብሔር እናበልና ንቀበሎ።

ሓደ መጓሰ ኮና ክንርከብ ድላይ ኣምላኽ እዩ። ጓሳና ሓደ ስለ ዝኾነ በዚ ሰንበት ዘኖላዊ እምብኣር ኩልና ኣብ ኣምላኽ ተመሊስና ናይ ክርስቶስ ም኿ና እንምስክረሉ ኣብ መንጎ ዝፈላሊ ዘቀያይም እንተሎ ሓዲግና ደቂ ሓደ ክርስቶስ እንኾነሉ ሰንበት እዩ። ኣምላኽ ኣብ መንጎና ክሓድር ፍቓደኛታት ኮና ልብና ንቐርበሉ። ጽባሕ ብስራት ልደት ክንገር እንከሎ ኣብ ለበይ ተወሊዱ ኣሎ ኣብ ሓዳረይ ኣብ ዓደይ ኣብ ቊምስናይ ክንብል ይግብኣና እሞ ኣምላኽ ብጸግኡ ነዚ ንምግባር የኽእለና። ነስሑ እስመ ቀረበት ልደተ እግዚእነ እናበልና ነነድሕድና ብመንፈሳዊ ቅንኣት ተበራቲዕና ንሰናዶ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ